እዚ ኣገልግሎት ነጻ, ምስጢራውን ካብ ከም ሆስፒታላትን ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ዝምዉሉ ማሕበራትን መንግስታውያን ትካላትን ከምኡ'ውን ካብ ናይ ጥዕናውን ስንክልናን ኮሚሽናትን ነጻ እዩ። ከምኡ'ውን እቲ ናይ ጥዕናን ስንክልናን ኮሚሽነር ሓራ ኢዩ። ዋላ'ኳ በቲ ን ናይ ጥዕናን ስንክልናን ኮሚሽነር ዝሽፍን ሕጋገ ዝተሸፈነ እንተኾነ፡ እቲ ናይ ተጣባቕነት ኣገልግሎት ጸብጻቡ ን ሓደ ነጻ ሓላፊ ናይ ተጣባቕነት ይህብ።

ተጣባቕነት ጥርዓናት ናይ ምፍታሕ ኣዝዩ ዕውት መንገዲ ኢዩ፡ እዚ ድማ ካብ መብዛሕትኡ ግዜ ካልኦት ኣማራጺታት ዝያዳ ብቑልጡፍ ዝርከብ ኢዩ።

## ... ንናይ ጥዕናን ስንክልናን ኮሚሽነር?

እቲ ኮሚሽነር ንነፍስ ወከፍ ጥርዓን ብምርኣይ ተወሳኺ ስጉምቲ ምውሳድ ኣገዳሲ ወይ ቅኑዕ ድዩ ኣይኮነን ይውስን። እቲ ኮሚሽነር ምናልባት ሸዕኡ:

- ነቲ ሰብ ጥርዓኑ ወይ ጥርዓና ንምፍታሕ ንኽሕግዞ ምእንቲ ነቲ ነገር ናብ ናይ ጥዕናን ስንክልናን ተጣባቒ ክሰዶ ይኽእል;
- ነቲ ጥርዓን ናብቲ ወሃቢ ኣገልግሎት ይሰዶ መታን ክፈትሖ;
- የሕልፎ ጉዳይ ነገር ናብ ካልእ ትካል ከም ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ናይ ምዝገባ በዓል መዚ ን ናይ ጥዕና ክኢላታት፡ ናይ ምስጢራውነት ኮሚሽነር ወይ ናይ ዞባ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ተቛጻጻሪ; ወይ
- ነቲ ነገር ክምርምሮ ይኽእል። ኣብ ውሑድ ቁጽሪ ናይ ጥርዓናት እቲ ኮሚሽነር ወግዓዊ መርመራ ከካይድ ክውስን ይኽእል። እቲ መርመራ ቁሩብ ግዜ ክወስድ ይኽእል ይኸውን ምኽንያቱ እቲ ኮሚሽነር ኣድልዎ ስለ ዘይብሉን ነፍስ ወከፍ ኣብ ዚ ጉዳይ ኢድ ዘለዎ ሰብ ድማ ዝብሎ ክሰምዕ ክፈቅድ ስለ ዘድልዮን። ኩሎም ዝምርመሩ ጥርዓናት ነቲ ሕጋገ ከምዝገሃሱ ይርከቡ ማለት ከኣ ኣይኮነን።
- ክሳብ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ዝወሃብ ካብ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽነር ስሩዕ ርክብ ክህሉ ትጽቢት ክትገብር ትኽእል። ከምኡ ድማ እቲ ኮሚሽነር ንጥርዓንካ ብከመይ ክሕዞ ከም ዝወሰነን ናይ መወዳእታ ውሳኔ ድማ እንታይ ምኳኑን መግለጺ ክትጽበ ትኽእል።

## እንተደኣ መሰላተይ ተጋሂሱ ኮይኑ እቲ ወሃቢ ኣገልግሎት ክቕጻዕ ይኽእል'ዶ?

እንተደኣ ኣብቲ ናይ ኮሚሽነር መርመራ ምግሃስ መሰላት ናይ ተገልጋሊ ተረኺቡ እቲ ኮሚሽነር ነቲ ጥርዓን ናብ ዳይረክተር ናይ ሕጋዊ ስጉምትታት ከመሓላልፎ ይኽእል። እዚ ስጉምቲ እዚ ኣብ ውሑዳት ቁጽሪ ናይ ዝምርመሩ ጥርዓናት ጥራይ ኢዩ ዝውሰድ። እቲ ዳይረክተር ሓደ ናጻ ኣኽባሪ ሕጊ ኮይኑ ነቲ ጉዳይ ድማ ናብ ናይ ጥዕና ክኢላታት መቕጻዕታዊ መጋባእያ (HPDT) ወይ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ትዕዝብታዊ መጋባእያ (HRRT)፡ ወይ ናብ ክልቲኦም ክወስዶ ይኽእል።

ሓበሬታ ብዛዕባ ኣወሃሃዲ ናይ መጋባኣያታትን ከምኡ'ውን ጉዳያት ኣብ ቤ ፍርዲ ዝተሰምዐን ኣብ መርበብ HDC ክርከብ ይከኣል'ዩ።

## እንተደኣ መሰላተይ ተጋሂሱ ካሕሳ ክረብ ይኽእል'ዶ?

እቲ ኮሚሽነር ካሕሳ ክህብ ዝኾነ ስልጣን የብሉን። ወሃብቲ ኣገልግሎት ከም ክፋል መፍትሒ ናይቲ ጥርዓን ነቲ ዝተኸፍለ ገንዘብ ክመልሱ ክሰማምዑ ይኽእሉ። ገለ ተገልገልቲ ን ናይ ACC ካሕሳ ብቑዓት ክኾኑ ይኽእሉ እንተደኣ ካብቲ ኣተሓሕዛ ኣካላዊ መጉዳእቲ በጺሕዎም ኮይኑ። ኣብ ውሑዳት ዝተደረቱ ኣጋጣሚታት፡ ካሕሳ ናይ ጉድኣት ብ HRRT ይወሃብ።


## ተወሳኺ ሓበሬታን ናይ መራኸቢ ዝርዝራትን

ንተወሳኺ ሓበሬታን ሓገዝን፡ ወይ ድማ ብዛዕባ ሕጋገ መሰላት ትምህርትን ናይ ስልጠና እዋናትን ንምውዳብ፡ ወይ ብዛዕባ ባዕለ-ጠበቓነት ወይ ከመይ ጌርካ ጥርዓን ከም እተቕርብ ሓበሬታ ንምጥላብ፡ ርኸብ:

ሃገራዊ ናይ ተጠባቕነት ኣገልግሎት

**ነጻ ቴሌፎን 0800 555 050**

**ነጻ ፋክስ 0800 2787 7678**

**ኢመይል advocacy@hdc.org.nz**

ናይ ጥዕናን ስንክልናን ኮሚሽነር
PO Box 1791, Auckland
ኦክላንድ ph/TTY (09) 373 1060
ወሊንግቶን (04) 494 7900
ኣብ ካልእ ቦታታት ph/TTY 0800 11 22 33
ፋክስ (09) 373 1061
ኢመይል: hdc@hdc.org.nz | ዌብሳይት: www.hdc.org.nz


እንተደኣ ምስ ኣብ ስደተኛ/ፍልሰት ዘተኩር ተጣባቒ ክትዛራረብ ትደሊ ኳንካ ብኽብረትካ ሕተት።

Tigrinya

Nationwide
Health & Disability Advocacy
Nga Kaitautoko

# ናይ ጥዕና ወይ ስንክልና ኣገልግሎታት ኣብ ኒው ዚላንድ ክትጥቀም ከለኻ ዘለካ መሰላትን ብኸመይ ጌርካ ክትጠርዕ ከምትኽእልን



A service provided under the Health & Disability Commissioner Act 1994.
www.hdc.org.nz

# ምቕራብን ምፍታሕን ጥርዓናት

## ንስኻ መሰላት ኣለካ

ናይ ጥዕና ወይ ስንክልና ኣገልግሎታት ዝጥቀም ኩሉ ሰብ ናይ ሕጋገ መሰላት ሓለዋ ኣለዎ። ሓደ ናጻ ኮሚሽነር ነዞም መሰላት እዚኦም ኣብ ትሕቲ ናይ ጥዕናን ስንክልናን ኮሚሽነር ኣዋጅ 1994 ዝበሃል ናይ ኒው ዚላንድ ሕጊ ይደፍእን ይሕሉን።

## ናይ ጥዕና ወይ ስንክልና ኣገልግሎት ክትቅበል ከለኻ ዘለካ መሰላት

እቲ ሕጋገ መሰላት 10 መሰላት ይህበካ። እዚኦም ከኣ:

1. ብክብረት ዘለዎ ኣተሓሕዛ ክትተሓዝ።
2. ብዘይ ጸቕጥን ምፍልላይን ብቅኑዕ ክትተሓዝ።
3. መሰል ንክብረትን ናጽነትን።
4. ብሉጽ ዝኾነ ኣገልግሎት ክወሃበካን ብሓልዮትን ክእለትን ድማ ክትእለ።
5. ምስቲ ኣገልግሎት ዝህበካ ሰብ ንምርድድዳእ ከሕግዘካ ብዝኽእል መንገዲ ክርደኣካ ዘኽእል ሓበሬታ ክወሃበካ።
6. ብዛዕባ ጥዕናኻ ወይ ስንክልናኻ ንኽትፈልጥ ዘድልየካ ሓበሬታ ክወሃበካ; እቲ ዝወሃብ ዘሎ ኣገልግሎትን ኣስማትን ተራን ናይ ሰራሕተኛታትን; ከምኡ ድማ ሓበሬታ ብዛዕባ ነዓኻ ዘድልዩኻ መርመራታትን ኣገባባትን ዝኾኑ ውጽኢትን መርመራታትን። ኣብ ኒው ዚላንድ፡ እንታይ ከምዝኸውን ዘሎ ንምርዳእ ክሕግዞም መታን ሰባት ሕቶታት ክሓቱን ተወሳኺ ሓበሬታ ክጠልቡን ይተባብዑ።
7. ብዛዕባ ክንክንኻ ናትካ ውሳኔ ክትወስድ፡፡ ከምኡ'ውን ሓሳብካ ክትቅይር።
8. ኣብ መብዛሕትኡ ግዜ ዝድግፈካ ሰብ ምሳኻ ክህሉ።.
9. እንተደኣ ንስኻ ንሰራሕተኛታት ንምስልጣን ኣብ ዝግበር ናይ ምርምር መጽናዕቲ ወይ ናይ ምስትምሃር ክፍለ-ግዜ ክትሳተፍ ተሓቲትካ እዞም ኩሎም መሰላት እዚኦም ክህሉዉኻ ናብዚ ዝስዕብ ኣመልከት።
10. ናይ ምጥራዕ መሰልካን ጥርዓንካ ድማ ብዕቱብ ክወሰድ ከምዘለዎን።




## እንተደኣ ብዛዕባ እዚ ኣገልግሎት ስጊኤ ወይ ሕጉስ ዘይኮንኩ፡ ወይ ገለ ሕማቕ ነገር እንተ ኣጋጢሙ፡ ከምኡ ድማ መሰላተይ ዝተጋህሰ ኮይኑ ምስ ዝስመዓኒ እንታይ ክገብር ይኽእል?

## ትኽእል ኢኻ:

- ነቲ ኣገልግሎት ዝተቐበልካሉ ሰብ ክተዘራርቦ ትኽእል፡ ወይ ድማ ነቲ ኣብ ሓላፍነት ዘሎ ሰብ፡ ምናልባት ነቲ ሽግር ክፈትሕዎ ስለ ዝኽእሉ;
- ምስ ኣቕራቢ ኣገልግሎት ዘለካ ስክፍታታት ንምልዓል ካብ ኣባላት ስድራ ቤትካን ብጾትካን ሓገዝን ደገፍን ምሕታት;
- ነቲ ስክፍታታትካ ኣብ ምፍታሕ ንምሕጋዝ ናይ ሓደ ነጻን ሓራን ዝኾነ ተጣባቓ ደገፍ ሕተት። ዝርዝራት ናይ ከመይ ጌርካ ን ሓደ ናይ ጥዕናን ስንክልናን ተጣባቓ ትረኽቦ ኣብ ካልእ ቦታ ናይ'ዚ ዝዝርጋሕ ጽሑፍ ኣሎ።

## ስለምንታይ ኢየ ኣነ ጥርዓን ክቕርብ ዘለኒ?

ጥርዓን ምቕራብ ዓይነት ኣገልግሎት ናይ ምምሕያሽ ሓደ ኣገዳሲ መንገዲ ኢዩ። መብዛሕትኦም ካብ ጥርዓን ዘቕርቡ ተገልገልቲ እቲ ንዖኦም ዘጓነፎም ንኻልእ ሰብ ከጓንፎ ከምዘይደልዩ ይዛረቡ። መብዛሕትኡ ግዜ ተገልገልቲ በቲ ዘጋጠመ ነገር ምእማን ከምኡ ድማ መግለጺ ንይቕሬታን ሓጋዚ ኮይኑ ይረኽብዎ። መብዛሕትኦም ኣቕረብቲ ኣገልግሎት ብዛዕባ ናይ ተገልገልቲ ስክፍታታት ኣፍልጦ ምህላው ሓጋዚ ኮይኑ ይረኽብዎ በዚ ድማ ንምፍትሑ ስጉምቲ መታን ክወስዱ ክኽእሉ። ሓደ-ሓደ ግዜ እዚ ካልኦት ተገልገልቲ ክረብሑሉ ናብ ዝኽእሉ ለውጢ ናይ ኣሰራርሓን ኣገልግሎታት ዝወሃበሉ መንገድን ከምርሕ ይኽእል። ተገልገልቲ እቲ ኣቕራቢ ኣገልግሎት ነቲ ኣገልግሎታቱ ንምምሕያሽ እንታይ ስጉምትታት ይወስድ ከሰምዑ ኣዝዩ ሓጋዚ ኮይኑ ይረኽብዎ።

## ጥርዓን ምቕራብ

ንስኻ በቲ ንዓኻ ዝቐለለ ኣገባብ ጌርካ ብዛዕባ ኣቕራቢ ኣገልግሎት ጥርዓን ክተቕርብ መሰል ኣለካ። እቲ ጥርዓን ብኣፉዊ፡ ብኣካል ቀሪብካ ወይ ብቴሌፎን; ወይ ጽሑፋዊ ብደብዳቤ፡ ፋክስ ወይ ኢ-መይል ክኸውን ይኽእል።

**ጥርዓንካ ክትህቦ ትኽእል ን:**

- ነቲ ብዛዕብኡ ትጠርዕ ዘለኻ ውልቀ-ሰብ ወይ ሰባት;
- ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ፡ መሳለጥያ ወይ ማሕበር ጥርዓናት ንምቕባል ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ (ንኣብነት ናይ ዓይነት ተቖጻጻሪ ወይ ናይ ጥርዓን በዓል መዚ ኣብ ሆስፒታል ወይ ማሕበር);
- ሓደ ናጻ ናይ ጥዕናን ስንክልናን ተጣባቓ;
- እቲ ናይ ጥዕናን ስንክልናን ኮሚሽነር።

## እንተደኣ ጠሪዔ እንታይ ክጽበ ይኽእል

### ... ንኣቕራቢ ኣገልግሎት?

ነፍስ ወከፍ ኣቕራቢ ኣገልግሎት ን ስክፍታታትካ ክሰምዕን ብዛዕባ መስርሕ ናይ ጥርዓናቶምን ጥርዓንካ ድማ ኣበይ ከም ዘበጽሖን ሓበሬታ ክህበካ ኣለዎ። ንስኻ ጥርዓንካ ብቑልጡፍ ክረአ ምኽኑን፡ ከምኡ ድማ ከም ውጽኢት ናይ ጥርዓንካ መግለጺ ብዛዕባ ዝኾነ ውሳኔን ስጉምትታትን ትጽቢት ክትገብር ትኽእል።

### ...ንናይ ጥዕናን ስንክልናን ተጣባቓ ?

ሓደ ካብ ናይ ሃገራዊ ተጣባቓነት ኣገልግሎት ዝኾነ ናይ ጥዕናን ስንክልናን ተጣባቓ ንስክፍታታትካ ክሰምዕን ነዚ ጥርዓንካ ንምፍታሕ ዘለዉኻ ኣማራጺታትን ክገልጸልካ ኢዩ። እዚ ተጣባቓ ጸግዒ ናይቲ ተገልጋሊ ኢዩ ነቲ ስክፍታታትካ ንምፍታሕ ኣብ ክትወስዶም እትመርጽ ስጉምትታት ድማ ክሕግዘካን ክተሓባበረካን ኢዩ።.

እዚ ኣገልግሎት እዚ ነጻ፡ ምስጢራዊ፡ ከምኡ ድማ ከም ካብ ሆስፒታላት፡ ኣገልግሎት ዝምውሉ ውድባት፡ መንግስታዊ ዋኒናት፡